መዋዕለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ሳይንስ፡ ኣብ ገዛ ምምሃር

## ሳይንስ ብወጻእ ኾይንካ

### ገምገም ባሕሪ ኾይንካ ጸወታ

- ኣብ ገምጋም ባሕሪ ክትኸውን እንከሎ ውላድኻ ናይባዕሉ ልቦና ክጥቐሙ ምግባር። ንናይ ውቅያኖስ ኣየር ከጫንው፣ ነቲ ማዕበል ንክርእዩ፣ ኣብ ትሕቲ እግሮም ንዘሎ ሑጻ ንምድህሳስን ናይ ባሕሪ ማይ ንክጥዕምዎ ሕተቶም።
- ውላድኻ ኣብ ማዕበላዊ መስመር ጠጠው ክብሉ ምግባርን እሞ እቲ ማዕበል ናብ እግሮም ክሓርም ምግባር። እንታይ ከምተሰምኦም መግለጺ ክህቡ ሕተቶም። .
- ኣብ ጥቓ ማዕበላዊ መስመር ጉድጓድ ምኹዓት እሞ እቲ ጉድጓድ ክሳብ ማይ ዝመልእ ክንደይ ግዘ ከምዝወስደሉ ምርኣይ። ውላድኻ ኣብቲ ጉድጓድ ውሽጢ ጠጠው ክብል ምንጋርን እንታይ ከምተፈጥረ ንኽገልጸልካ ግበር።
- ብነፋስ ሓይሊ ዝተኣኸበ እንጻይቲ፣ ጻህያይ ባሕሪን ዛዕጐላት ኣኪብካ ኣብ ሕጻ ብቕደም ተከተል ቅርጺ ስራሕ። ናይዞም ኣቕሑት ዓይነት ገጺታት ከብራርሓልካ ንውላድኻ ሕተቶ፤ ንኣብነት፡ ሓባጥ ጐባጥ, ልሙጽ, ዝሑል, ቀጢን ከምኡ‘ውን በሊሕ. እዞም ኣቕሑት ኣበይ ከምዝመጹ ውላድኻ ታሪኽ ከዳልው ሕተቶ።

### ብዝናብ ጸወታ

- ዝናብ ኣብ ዝተፈላለየ ጸፍሒታት ክወድቕ እንከሎ ስምዑ እሞ ውላድኻ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ድምጺታት ንክገልጽ ሕተቶ።
- ኣብ ግዜ ዝናብ ማይ ምስ ውላድኻ ደው በል። እቲ ዝናብ ማይ ናብ ገጽኻ ክወድቕ ግበር። መ ልሓስኻ ብምውጻእን ነቲ ማይ ዝናብ ቁለቦ። ሕቶታት ሕተቶም ከም: ናይቲ ዝናብ ስሚዒት እንታይ ይመስል? ከምኡ’ውንእቲ ጣዕሚ መቐረት እንታይ ይመስል?
- ነቲ ዝናብ ደመና ተመልከቶ እሞ ውላድኻ መግለጺ ክህበሉ ሕተቶ።
- እቲ ዝናብ ማይ ናብ ዕቋር ማይ ክንጠባጠብ ርአ። ውላድኻ ብኣጻዕብቶም ጌሮም ማይ ጨብረቕረቕ ከምዝገብር ግበር። ናቶም ነጸብራቕ ክርእዩ ይኽእሉ እንተኾይኖም ተጸበ። ኣብ ጨብረቕረቕ ዝብል ማይ ውሽጢ ዜለል ንጠር!



Department of
**Education**

ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ
ኣብ ገዛ ምምሃር ሓቓዊ ጽሑፍ ወረቐቲ
ኣብ ዌብሳይቲ education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015